Australian Government

COVID-19 VACCINATION

# ኣስትራዘነካ/AstraZeneca መረዳእታ

## ኣስትራዘነካ/AstraZeneca ክታቦት

ኣሞንጎ ኣስትራዘነካ/AstraZeneca ክታቦትን ንጣዕሚ ውሑድ ዝኾነ ጸገም ኮነታ ርክብ ከምዘሎ እዚ'ውን ናይ ደም ምርጋዕን ውሑድ ናይ ደም ፕላተለት/platelet ደረጃ ይኸውን። እዚ ኮነታ ትሮምቦሲስ/Thrombosis ምስ ትሮስይቶፐኒ ስይንድሮም/thrombocytopenia syndrome (TTS) ሕማም ምልክታት ይብሃል።

ናይ ኮቪድ/COVID-19 ክታቦት ምውሳድ ኹሎም ጉርዞታት ንክወስዱ ይምኽር። ዕድሚኦም ትሕቲ 60 ዓመት ዝኾኖም ንኮቪድ/COVID-19 መከላኸሊ ፕፊዘር/Pfizer ክታቦት ንክወስዱ ይምረጽ። ይኹን እምበር ዕድሚኦም ትሕቲ 60 ዓመት ዝኾኑ ሕጂውን ንናይ ኣስትራዘነካ/AstraZeneca ክታቦት ምውሳድ ናቶም ምርጫ ይኸውን። ውሳነ ንክትገብር ክሕግዘኻ ንናትኻ ሓኪም ኣዘራርብ።

ናይ ኣስትራዘነካ/AstraZeneca ክታቦት ዝውሃቦ ዕድሚኦም 60 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት እዩ።

### ሮምቦሲስ/Thrombosis ምስ ትሮስይቶፐኒ ዝግመት ሕማም/thrombocytopenia syndrome (TTS ብዝብል ዝፍለጥ) እንታይ እዩ?

ትሮምቦሲስ/Thrombosis ማለት ናይ ደም ጠጠው ምባል እዩ።

ትሮስይቶፐኒ ስይንድሮም/thrombocytopenia syndrome ማለት ውሑድ ናይ ደም ፕላተለት ደረጃ መጠን እዩ።

TTS ብናይ ኣስትራዘነካ/AstraZeneca ክታቦት ክመጽእ ዝኽእል ብጣዕሚ ውሑድ ዝኾነ ጸገም እዩ። እዚ እንተተፈጢሩ ብጣዕሚ ከቢድን ናይ ኣካል መጒዳዕቲ ከብጽሕ ይኽእል። TTS ንናይ ደም ምርጋዕ ጸገም ምኽንያት ይኸውን፣ እዚ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ሰብነት ኣካል ክኸውን ይኽእል። ከምኡ'ውን ንናይ ደም ፕላተለት መጠን ምውሓድ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል፣ እዚ'ውን ንደም ምፍሳስ ጸገም ከምጽእ ይኽእል። ኣሞንጎ ፕፊዘር/Pfizer ክታበትን TTS ዘራኽብ ምንም ነገር ከምዘየለ እዩ።

### መዓዝ እዩ TTS ዝፍጠር?

ናይ TTS ምፍጣር ጉዳይ ሪፖርቲ ዝተገብረ ድሕሪ ነቲ ክታቦት ምውሳድ ካብ 4 ክሳብ 42 ማዓልታት ውሽጢ ከምዝኾነ መብዛሕትኡ ግዘ ድሕሪ ናይ መጀመርታ ዓቐን መጠን/dose ኣስትራዘነካ/AstraZeneca ክታቦት ምውሳድ ይኸውን።

### TTS ክንደየናይ ልሙድ እዩ?

TTS ብጣዕሚ ዘይልሙድ እዩ። ኣብዚ እዋን ንናይ ኣስትራዘነካ ኮቪድ/AstraZeneca COVID-19 ክታበት ካብዝወሰዱ ሰባት ብግምት ካብ 100,000 ሰባት ብግምት 1-2 ሰባት ብዝኾኑ ጸገም በጺህዎም። የግዳስ ዕድሚኦም ትሕቲ 60 ዓመት ኣብዝኾኑ ናይቲ ጸገም መጠን ግምት ላዕላዋይ ከምዝኾነ፣ እዚውን ካብ 100,000 ሰባት ውሽጢ ክሳብ 2-3 ሰባት ከምዝኾነ እዩ። እዞም ግምት ዝበለጸ መረዳእታ ክርኸብ እንከሎ እዋናዊ ይኾኑ።

### ዝኾኑ ጉጅለታት ብናይ TTS ብዝበለጸ ጸገም ይቓላዕ'ድዩ?

ዋላ እኳዕ TTS ኣብ ሓደሓደ ብዕድመ ጉርዞታት ዝኾኑ ሰባት ሪፖርቲ እንተገበረ እውን፣ ብዝበለጸ ኣብ መናእሰይ ጉርዞታት ከምዝርኣይ እዩ። ንናይ ደም ምርጋዕ ኣስተዋጽኦ ክገብር ዝኽእል ዝኾነ ቅድመ-ሕክምና ፈውሲ ከምዝነበረ ኣይንፈልጥን። ተመራመርቲ ነዚ እንዳጻረዩ እዮም።

### ናይ TTS ሕማም ምልክታት እንታይ እዮም?

TTS ነዚ ዝስ ዕብ ሓደሓደ ሕማም ምልክታት ክፈጥር ይኽእል ይኸውን:

- ሓያል ጠጠው ዘይብል ሕማም ርዕሲ እዚ'ውን:
    - ድሕሪ ክታቦት ምውሳድ ብውሑድ ን2 ማዓልታት ዝኸውን ይፍጠር
    - ብቐሊል ናይ ቓንዛ ፈውሲ ዘይመሓየሽ
    - ክትድቅስ እንክሎ ክገድድ ይኽእል
- እግርግር ምባል ወይ ተምላስ
- ናይ ምርኣይ ምድኻም
- ንምዝራብ ጸገም
- ምትኽሓስ
- ሃንደበታዊ ምዕጋት
- ናይ ምትንፋስ ጸገም
- ሕማም ኣፍ ልቢ
- ውሽጢ እግሪኻ ምሕባት
- ቐጻላይ ሕማም ኸብዲ
- ድሕሪ መርፍእ ዝተወግአ ቦታ ትሕቲ ቆርበት ንእሽቶ ደም ምቑጻር።

ንስኻ ወይኻዓ ኻልእ ሰብ ድሕሪ ኮቪድ/ COVID-19 ክታቦት ምውሳድ ካብዞም ከቢድ ጸገማት ዝኾነ እንተተፈጢሩ፤ ብቐጥታ ብስልኪ 000 ጌርካ ክትድውል ኣለካ።

### ናይ ኣስትራዘነካ/ AstraZeneca ክታቦት ጥቕሚ ረብሓታት ካብቲ ጸገም ዘኣበየ'ድዩ?

እወ፤ ናይ ክታቦት ምውሳድ ጥቕሚ ካብቲ ዝመጽእ ጸገም ዝልኣለ ዓቢ ክምዝኾነ፤ ብፍላይ'ድማ ብዕድመ ሽማግለ ዝኾኑ ሰባት ብናይ ኮቪድ/ COVID-19 ናይ ምትሓዝ ዓቢ ጸገም ንዘለዎም እዩ።

### ዕድሜኻ ትሕቲ 60 ዓመት እሞ ንናይ መጀመርታ ዓቕን መጠን/ dose ናይ ኣስትራዘነካ/ AstraZeneca ክታቦት ንምውሳድ ቀፀሮ ሂዝኻ እንተኾይኑ እንታይ ይግበር?

ንናትኻ መጀመርታ ዓቕን መጠን/ dose ናይ ኣስትራዘነካ/ AstraZeneca ክታቦት ክትወስድ ቀጸሮ እንተሂዝኻ እሞ ዕድሜኻ ትሕቲ 60 ዓመት እንተኾይኑ ንሓኪምካ ኣዘራርብ። ነቲ ክታቦት ምውሳድ ንዘይምውሳድ ንምውሳን ይሕግዙኻ እዮም።

### ንናትኻ መጀመርታ ዓቕን መጠን/ dose ናይ ኣስትራዘነካ/ AstraZeneca ክታቦት ወሲድኻ ናትኻ ኻልኣይ ዓቕን መጠን/ dose ክታቦት ግዘ እንተበጺሑ እንታይ ይግበር?

ንናይ TTS ምፍጣር ጉዳያት ዳርጋ ኩሉ ሪፖርቲ ዝተገብሮ ድሕሪ መጀመርታ ዓቕን መጠን/ dose ናይ ኣስትራዘነካ ኮቪድ/ AstraZeneca COVID-19 ክታቦት ምውሳድ እዩ። ድሕሪ መጀመርታ ዓቕን መጠን/ dose ናይ ኣስትራዘነካ/ AstraZeneca ክታቦት ከቢድ ጸገም እንተዘይሃልዩካ፤ እሞ ዋላ ዕድሜኻ ትሕቲ 60 እንተኾነ'ውን ንናይ ኻልኣይ ዓቕን መጠን/ dose ክታቦት ንምውሳድ እምነት ክሕድረልካ ይኽእል።

### ኣብዝሓለፈ ግዘ ናይ ደም ምርጋዕ ጸገም ንዝነበሮም ሰባት ናይ ኣስትራዘነካ/ AstraZeneca ክታቦት ምውሳድ ድሕንነት ኣለዎ'ዶ?

ኣብ ዝሓለፈ ግዘ ኻልእ ዓይነት ናይ ደም ምርጋዕ ጸገም እንተኔሩኻ ወይኻዓ ብደም ምርጋዕ ጸገም ኣብ ቐልቐል እንተኔርካ'እውን ንናይ ኣስትራዘነካ/ AstraZeneca ክታቦት መሳድ ትኽእል። ናይ ኣስትራዘነካ/ AstraZeneca ክታቦት ብምውሳድ ቐጺልካ ናይ TTS ጸገም ብምፍጣር ቕድም ክብል ናይ ደም ምርጋዕ ምውሳድ ዘርእይ መረጋገጺ የለን።

### ንዝበለጸ መረዳእታ

ብዛዕባ ኣስትራዘነካ/ AstraZeneca ክታቦት ሕቶታት እንተሃልዩካ፤ ንሓኪምካ ኣዘራርብ፤ ናብ ድረገጽ www.health.gov.au/covid19-vaccines-languages ኣቲኻ ምርኣይ ወይኻዓ ንናይ ሃገራዊ ኮሮናቫይረስ ሓገዝ መስመር ብስልኪ1800 020 080 ምድዋል።
ንትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎታት ብስልኪ 131 450 ጌርካ ምድዋል።